ኤልሳ ጭሩምን: መሮን እስቲፋኖስን: ኣባ ሙሴ ዘርኣይን:

ንጣብ ደም የማናይ ኢዶም: ኣብ ኤርትራን:

ህላዌ ኣርማ ግብረ-ሶዶማውያን: ኣብ ሰላማዊ ሰልፊ ቦሎኛን:

ኣደ መንበር ሓልዮት ሰብኣዊ መሰላት ኤርትራ
ኤልሳ ጭሩም
ሎንዶን

ዕሉል ተደላዩ ሰላይ ወያነ ኪኢላ ፊልሰት ሰባት ነጋዳይ ደቂ ኣዳም
ኤርመያስ ግርማይ ኢልያስ (ዓብደልረዛቕ)
ሊብያ





’’እዚ ጥፍኣትን ቅዝፈትን 400 ስደተኛታት ኤርትራውያን መንእሰያት: ልዕሊ ዝኾነ ይኹን ሰብ ንዓይ የሕመንን ይትንከፈንን: ምኽንያቱ:- እዞም ቆልዑ እዚኦም ጌና ካብ ኤርትራ ቅድሚ ምውጻኦም ጀሚሮም: ምሳይ ዘለዎም ርክብ ጥቡቕ ኢዩ ነይሩ::

ኣብዚ ሕጂ እዋን ከኣ: ዝያዳ ኩነታቶም ንኽፈልጥ ከኣ: ንቐንዲ መሳርሕተይ ዝኾነ ንዓብደልረዛቕ: ምሉእ ስም ዝርዝራቶም ሓቲተዮ ኣረኪቡኒ ስለ ዘሎ: ንኹነታቶም ኣመልኪቱ ክተሓባበሮም ተወኪሰዮ ኣለኹ:: ቓል ኣደ መንበር ሓልዮት ሰብኣዊ መሰላት ኤርትራ ኤልሳ ጭሩም: ዕለት 08-04-2011 ብድምጺ ካብ ዝተቐርጸ ዝተወስደ ካብ ሎንዶን: ኪኢላ ፍልሰት ሰባት ነጋዳይ ደቂ ኣዳም ኤርመያስ ግርማይ ኢልያስ (ዓብደልረዛቕ) ካብ ሊብያ: እዚ ናይ ኣደ መንበር ሓልዮት ሰብኣዊ መሰላት ኤርትራ ኤልሳ ጭሩም ቓል ብድምጺ ዝተቐድሐ መረጋገጺ ኣብ ኢድና ኣሎ::

ስለምንታይ ኢያ ኣደ መንበር ሓልዮት ሰብኣዊ መሰላት ወይዘሮ ኤልሳ ጭሩም: ነዚ ዘረባ እዚ ተዛሪባቶ: ንባብና ንከታተል:-

ኣባል ስለያ ወያነ ኪኢላ ፊልሰት ሰባት ነጋዳይ ደቂ ኣዳም
ኤርመያስ ግርማይ ኢልያስ (ዓብደልረዛቕ)
ሊብያ

=

ኣባል ስለያ ወያነ ኪኢላ ፊልሰት ሰባት ነጋዳይ ደቂ ኣዳም
ዮውሃንስ ማሕራይ (ጆን ማሕራይ)
ሱዳን ኢትዮጵያ





እዚኦም እቶም ቀንዲ ብጉዳይ ፍልሰት ደቂ ሰባት ተደለይቲ ዝኾኑ: ብፍላይ ከኣ: ብህልቂትን ቅዝፈትን ናይ’ቲ ኣብ ደሴት ላምፓዱዛ ዝወረደ ድርብ መቕዘፍቲ ዕለት 03-04-2011: መቕዘፍቲ 400 ኤርትራውያን ስደተኛታት ዕለት 03-10-2013: መቕዘፍቲ 362 ኤርትራውያን ስደተኛታት ብዓለማዊ ደረጃን: ብፍላይ ከኣ ብመንግስቲ ጣልያን ዝህደኑ ዘለዉ: ኣብ ሱዳንን ሊብያን ኢትዮጵያን መሕብኢ ባይታ ገይሮም ዘለው ዕሉላት ገበነኛታት ኢዮም:: ሰንሰለት ርክቦም ከኣ ከም’ዚ ዝስዕብ ኢዩ: ወፍሪ ውደባ ፍልሰት ደቂ ሰባት ካብ ኤርትራ:-

# ባራክ ኦባማ ሕቡራት መንግስታት እሜሪካ

ምምሕዳር ሕ.መ.ኣ.





ንብዓት ሓርገጽ፡ ፕረዚደንት ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ፡- "ንህዝቢ ኤርትራ ካብ ናይ ጊልያነት ናብራ ሓራ ኣውጺእና ንኽነድሕኖ፡ ካብ እዋን ምምሕዳር ክሊንተን ኣትሒዝና ሰሪሕናሉ ኢና፡ ንኹሉ ካብ ኤርትራ ዝወጾ ከኣ ክንቅበሎ ኢና።"



ኣንድርይ ማህቺ
ወኪል ተጸዋዒ ስደተኛታት
ውድብ ሕቡራት ሃገራት



ሽይላ ቢ ካዛሩዝ
ተቆጻጻሪት ሰብኣዊ መሰላት
ኣብ ጉዳይ ኤርትራ



ስቴፋኒ ነህባይ
ፍልይቲ ወሃቢት ቓል
ው.ሕ.ሃ. ካብ ጀነቭ



ላውራ ቦደሪኒ
ወሃቢት ቓል
ውድብ ሕቡራት ሃገራት



ሚርያም ቫን ራይዘን
ናይ EEPA
ፕረዚደንት



ኮኒ ራይከን
ኣማኻሪት ሕጊ
EEPA




ኣቡን ኣባ ጂዮቫኒ ኢኖሶንዞ ማርተሊ
ዝለዓለ ወኪል ቫቲካን ኣብ
ሊብያ ትሩብሊ



ካህታዛ ጎንደው
ወኪል ዓለም ለኻዊ
ሕብረት ክርስትያን



መሮን እስቲፋኖስ ሸወደን
ጋዜጠኛን ተጣባቒት ሰብኣዊ
መሰላት በሃሊት



ኤልሳ ጭሩም ሎንዶን
ኣደ መንበር ሓልዮት ሰብኣዊ
መሰላት በሃሊት



ኣባ ሙሴ ዘርኣይ ኢታሊ
ኣቦ መንበር ማሕበር
ሓበሻ ኤርትራን ኢትዮጵያን



ሰላም ኪዳነ ሎንዶን
ወኪል ሬሊዝ ኤርትራ
ኣባል ጸንጤኮስታል

ተሓተቲ ህልቂት ላምፓዱዛ







ኣበይ ኣሎ እዚ ሰብ ሎሚ



መሮን እስቲፋኖስ ጉዕዞ ናብ በደዊን



ተስፋህይወት ወልዱ

ኣብ ቀይዲ ዘሎ



መሓመድ ሳልሕ

ኣብ ቀይዲ ዘሎ



ኑረዲን ዓጣ ወሃብ-ረቢ

ኣብ ቀይዲ ዘሎ



ሳሙኤል ወልደሚካኤል

ኣብ ቀይዲ ዘሎ



ማቴዎስ መለስ

ኣብ ቀይዲ ዘሎ



ያሬድ ኣፈወርቂ

ተደላዩ ነባሪ ኢታሊ



ሽሞንዲ ኣብካዲት

ተደላዩ ነባሪ ሚላኖ



መሮን ኣብ ጎላጉል ሲናይ



መሮን ምስ ኣቡ ኣሕመድ

ኣብ ሲናይ

ግዳያት ላምፓዱዛ



ህልቂት ላምፓዱዛ ንመጀመርያ ግዜ ኣብ ዕለት 03-10-2013 ዝተራእየ ፍጻሜ ኣይኮነን: ቡዙሕ ድኣ ኣይተዘርበሉን 'ምበር: ኣብ ዕለት 03-04-2011: እቲ ቕዝፈት ኣብ ልዕሊ 400 ኤርትራውያን ኣጋጢሙ ኢዩ: ኣብ እዋን ኢያ ኸኣ ኣደ መንበር ሓልዮት ሰብኣዊ መሰላት ኤልሳ ጭሩም: ናይ'ቶም ግዳያት ቅዝፈት ዝያዳ ዝኾነ ሰብ: ንዓኣ ከም ዝምልከታን ከም ዘሕማን ክትገልጽ እንከላ: ከምዚ ትብል:- '' እዞም ሰባት ልዕሊ ዝኾነ ይኹን ሰብ: ንዓይ የሕመኒ: ምኽንያቱ:- እዞም ሰባት እዚኣቶም: ጌና ካብ ኤርትራ ኣትሒዞም ክብገሱ እንከለዉ: ስጡም ርክብ ስለ ዝነበረኒ::'' ክትብል ገሊጻ::

ኣብ'ዚ ክበርህ ዘለዎ: ኤልሳ ጭሩም ከም ተጣባቒት ሰብኣዊ መሰል: ነዞም ጌና ካብ ሃገሮም ከይወጹ እንከለዉ ኣትሒዛ ርክብ እንተነይሩዋ: ብኸመይ ኢያ ትረኽቦም ነይራ? ክምለስ ዘለዎ ሕቶ ኢዩ:: ንምኽኑ:- ኣብ'ዚ ጉዳይ እዚ ከሳሲ እንተረኺባ: ብሕጊ ከሕትታ ዝኽእል ጉዳይ: ናይ ብሓቂ ኸ ብድምጻ ተዛሪባቶ ዲያ? ዝብል የዋህ ሰብ ኣይሰኣንን ኢዩ:: መልስና ኸኣ ብምሉእ ርእሰ ምትእምማን: እወ ብድምጻ ተዛሪባቶ: ቅድሑ 'ውን ኣብ ኢድና ኣሎ: ኣብ ዘድልየሉ እዋን ከኣ ክንዝርግሖ ኢና::

እሞ እቲ ጉዳይ ከም'ዚ ካብ ኮነ: ኤልሳ ጭሩም ርክባ ምስ መን ኢዩ ነይሩ? ካብ ቓላ ኤልሳ ጭሩም ትጠቕስ: ኣነ ንኹነታቶም ኣመልኪተ ዝፈልጠ ኣለኒ: ምስ ዓብደልረዛቕ ከኣ ስጡም ርክብ ኣለኒ: ንኹነታቶም ዝምልከት ከኣ: ዝርዝር ኣስማቶም 'ውን ካቡኡ ክረክብ ኪኢለ ኢየ ብምባል: ኣብ ፓልቶክ ንኣስታት 650 ዝኾኑ ሰባት: ኣብ ሰለስተ ክፍሊ ንዝተኣከቡ ኤርትራውያን ኢያ ገሊጻ: ምስ ዓብደልረዛቕ ከመይ ኢልኪ ርክብ ጌርኪ ብማለት ከኣ: ካብ ተሳተፍቲ ሕቶ ቀሪቡላ: ብቑዕ ምላሽ ኣይሃበትን: ንዝርዝሩ ግን ነቲ ዝርርብ ብምሉኡ ብቕዳሕ ከነቕርቦ ኢና::

ኢልሳ ጭሩም ኣብ'ቲ እዋን እቲ: ንበይና ዲያ ኣካይዳቶ? ብዙሕ ጉዳያት ኣሎ ክዝርዘር ዝግበኦ: ብኸፊል ከኣ ናብ'ቲ ዝርዝር እስከ ንእቶ:-

ሮማ ሚያዝያ 04 2011 ሮይተር: ኣስታት 400 ኣፍሪቃውያን ስደተኛታት: ንሊብያ ለቒቖም ብ2 ጀላቡ ከም ዝንቀሳቐስ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ሎሚ ሰኑይ ገሊጹ:-



''ንሕና ከም ዝተረዳእናዮ: እቶም ሰባት ዝተፈላለየ ዜግነት ዘለዎም ዝበዝሑ ካብኣቶም ከኣ ኤርትራውያን ኢዮም:: ዝተረፉ ኸኣ ሶማልያን ኢትዮጵያን ኣለው ይብል ወሃቢ ቃል ኣንድረይ ማህቺ: ካብ ጀነቭ ንሮይተይ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ::

ኣንድረይ ማህቺ: ወሃቢ ቃል ተጸዋዒ ስደተኛታታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ዓባይ ብሪጣንያ: ኣቐዲሙ ኣብ ዓባይ ብሪጣንያ ናይ ቲቪን ራድዮን ኣሰናዳኢ ዝነበረ: ብተወሳኺ ተሓጋጋዚ ዳይረክተር ዓለማዊ ፌስቲቫል ኣኒማትድ ፊልም ኣብ ዘግረብ 1990: ክሳብ ናብ ተጸዋዒ ስደተኛታት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝጽምበር ሰሪሑ: ኣብ ተጸዋዒ ስደተኛታት ውድብ ሕቡራት ሃገራት 1997: ኣብ ደቡባዊ ምብራቕ ኤውሮጳ ወኪል ናይ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ጀነቭ ኢንግላንድ: ኣብ ህጹጽ ምዕባለታት ቅልውላው ስደተኛታት ሰሪሑ::

ኣንድረይ ማህቺ: ከም ወሃቢ ቃል ውድብ ሕቡራት ሃገራት: 400 ዝኾኑ ሰባት ሃሊቖም ክነሶም: ከም ተጸዋዒ ስደተኛታት ነዚ ጉዳይ ኣልዒሉ ንምጽራዩ ዝወሰዶ ስጉምቲ ኣይነበረን ጥራይ ዘይኮነ: ኤርትራውያን ምዃኖም ጥራይ

ኢዩ ዝያዳ ዘብርህን ዘነጽርን ነይሩ:: ልዕሊ ኹሉ ኸኣ: እቶም ሰባት ከም'ቲ ኤልሳ ጭሩም ዝገለጾቶ: ብናይ ናቶ ወትሃደራዊ ሓይሊ ሚሳይል ተተኪሱሎም ተቐቲሎም እንከለዉ: ንኽጸረ ኢሉ 'ውን ሓሳብ ኣየቕረበን ጥራይ ዘይኮነ: ኣይተገደሰሎምን 'ዉን::



እታ ሓንቲ ጀልባ: ኣብ ጸብጻባ ብዕለት 22 መጋቢት 2011 ንሊብያ ክትለቕቕ እንከላ: 335 ሰባት ኢያ ጺዒና ነይራ:: ዝለዓለ ናይ ቫቲካን ወግዓዊ ጳጳስ ካብ ትሩብሊ: ኣቡነ ጅዮቫኒ ኢኖሶንዞ ማርቲነሊ: ኣፍሪቃውያን ስደተኛታት ዝኾኑ 10 ሬሳታት ኣብ ከተማ ሞርጐ: ዝበዝሑ ካብቶም ስደተኛታት ተገፊያም ኢና ረኪብናዮም:: ካብ ጋርቦውሊ 40 ኪሎ ሜተር ንትሩብሉ ኣብ ዘሎ ርሕቀት ከምዝረኸቡ: ካብ ትሩብሊ ነቲ ጸብጻብ ዝዘርገሐት ስቴፈን ነህባይ ካብ ጀነቭ ገሊጻ::

ላዕለዋይ ናይ ቫቲካን ተወካሊ ኣብ ትርቡሊ: ኣቡነ ጅዮቫኒ ኢኖሶንዞ ማርቲነሊ ከም ሃይማኖታዊ መራሒ: ነቲ ኣብ ልዕሊ እቶም 400 ኤርትራውያን ዝተፈጸመ መቕዘፍቲ: ከም መለዓዓሊ ክጥቀምሉ ኢዩ ሓሳቦም ነይሩ:: ብፍላይ ከኣ: ምስ'ቲ ናይ ሊብያ ዝነበረ ናይ ጽድያ ምንቅስቓስ: እዚ ጥራይ ዘይኮነ ከኣ: ወሃቢት ቃል ውድብ ሕቡራት ሃገራት ካብ ጀነቭ ነቲ ጉዳይ ከተረሳስዖ ኢዩ ነይሩ መደባ: እንተኾነ ግን በቲ ዝመደበቶ ኣይከደን:: እቲ ዕላማ ዝነበረ ነቲ ዝምድና መራሒ ሊብያ ኮሎኔል መዓመር ጋዳፊ: ምስ መራሕ ኤርትራ ፕረዚደንት ኢሰያስ ኣፈወርቂ ንዝነበረ ዝምድና ብምምልካት: ኣብ ቱንዝያ ሞት ናይ ሓደ ሰብ: ናብ ምቕያር መንግስቲ ካብ ኣብጸሐ: ህዝቢ ኤርትራ ኸኣ: ነዚ ናይ 400 ኤርትራውያን ቅዝፈት ምስ ዝርዳእ: ኣንጻር መንግስቲ ኤርትራ ንኽለዓል መንገዲ ስለ ዝኸፍት: ከበራበር ኣለዎ ኢዩ ነይሩ እቲ ዕላማ: እንተዘይኮይኑ ንምንታይ ኣቡነ ጅዮቫኒ ኢኖሶንዞ ማርቲነሊ ከም መራሕ ሃይማኖት: ነቲ ጉዳይ ብሕልና ዘይጠመትዎ ክፍተሸ ዘለዎ ስዉር መልእኽቲ ኢዩ: ነዚ ስዉር መልእኽቲ ኸ ናብ ኤርትራውያን መን ኢዩ መሳርሒ ኮይኑ ዘሳልጠሎም? ናብ ውሽጥና ምስ እንፍትሽ ሕብረት ኤርትራን ኢትዮጵያን ንኽህሉ ካብ ዝጽዕቱ: ብስም ናይ ኤርትራ ሃይማኖት ካቶሊክ ዝሸቕጡ: ኣባ ሙሴ ዘርኣይ ካብ ሮማን ስዊዘርላንድ ኢዩ: እስከ ናብ ዝቕጽል ንመልከት:-


ኣባ ሙሴ ዘርኣይ 'ውን ካብ ቀዋሚ ቦትኡ ሮማ: ንሱ ይብል:- ''እቶም ስደተኛታት ኣብ ክልተ ሓደ ዝዓይነተን ጀላቡ ከም ዝተበገሳ: ብዕለት 26 መጋቢት 2001 ብናይ ሳተላይት ተለፎን: ቅድሚ እቲ ናይ ሞት ሓደጋ ምብጽሑ: ምስ'ታ ዝዓበየት ጃልባ ብዙሕ ርክብ ኣይነበረንን: ግን ኣባላት ስድራ ቤት ግዳያት: ካብ ካናዳ ስውዲን ስዊዘርላንድ ይድዉሉለይ ነይሮም ኢዮም:: ብጠቕላል 5 ሬሳታት ካብኦም: እተን ክልተ ደቂ እንስትዮ: ክልተ ኣዋዳት ደቂ ግብጺ ምንባሮም: ካብ'ቲ ካፐተን ናይ'ተን ጀላቡ ኣረጋጊጸ::'' ይብል: ኣባ ሙሴ ዘርኣይ:: ''እቲ ሬሳታት ብተተኳሲ ዝተሃርመ ኢዩ ዝመስል:: እቶም ገሊኦም ከኣ: ካብ ሊብያ ምስ ወጹ ኢዮም ብተተኳሲ ተቐቲሎም: እዚ ግን ንጹር ኣይኮነን: መን ኢዩ ነቲ ገበን ኣብ ልዕሊ እቶም ስደተኛታት ፈጺምዎ? ዝተፈልጠ የለን:: ብዘይብኡ ኸኣ: ዝኾነ ሓበሬታ ዝኾነካ ስእሊ ናይ'ቶም ግዳያት የለን::" ይብል ኣባ ሙሴ ዘርኣይ::

ኣባ ሙሴ ዘርኣይ: ከም ተሓላቒ ሰብኣዊ መሰል: እሞ ኸኣ ከም ካህን: ነዚ ጉዳይ ንምጽራይን ሓቅነት ኣጠፋፍኣ ናይ'ዞም 400 ኤርትራውያን: ክሳብ መወዳእታኡ ንምብጻሕን: ዝዓግቶ ነገር ኣይነበረን:: እቲ ዕላማ ካልእ ስለ ዝኾነ ግን: ኣባ ሙሴ ዘርኣይ ነቲ ቖንዲ ኣብ ኢዱ ዝበጽሐ ዘራይን: ሓላይን: ተኸላኸልን ዘድልዮ:- ጉዳይ ህልቂት 400 ኤርትራውያን ዕለት 03-04-2011: ንዋያ ደርብይዎ እንከሎ: ጌና ኸኣ መቓብሮም ጥራይ ዘይኮነ: ህላዌ ሬሳኦም ካብ ባሕሪ ከይወጹ እንከለዉ: ናይ ብሓቂ ድዩ ኣባ ሙሴ ዘርኣይ: ጌና ናይ'ቶም እንትወሓደ ክሳብ ናብ መሬት ዓዶም

ከይዶም ሓመድ ኣዳም ዝለብሱ: ዝያዳ ካብቶም ኣብ ዕለት 03-10-2013 ዝሃለቑ 362 ኤርትራውያን: ናይቶም ኣባ ሙሴ ዘርኣይን ኤልሳ ጭሩምን ተሓባበርቶምን ዝያዳ ኹሉን ልዕሊ ኹሉን ዝሕተትሉ ገበናዊ ፍጻሜ ዕለት 03-04-2011 ሸለል ክብልዎ መሪጾም? ንምንታይ ዕላማ ኸ? ሕጂ ነዚ ዳሕረዋይ ፍጻሜ ላምፓዱዛ: ዝያዳ እቲ ቀዳማይ ፍጻሜ ዘንበድብድዎ ዘለዉ ክምለስ ዘለዎ ሕቶ ኢዩ::

ነቲ ጉዳይ ንኽነጻሪ ካብቶም ግዳያት ረኺብና ንምርግጋጽ: ናብ ከርከናህ ብምግስጋስ: ካብቶም ዝደሓኑ እሞ: ናብ ቱንዝያ ዝኣተወ: ዝደሓነ ሰብ: ቅድሚ ሓደ ሰሙን ብዝወስድናዮ መስርሕ: ብዝወሓደ 27 ሬሳታት ክንዕቅብ ኪኢልና ኣለና:: እቶም ግዳያት ዝኾኑ ሬሳታት: ኣብተን ጀላቡ እንከለዉ ብተተኳሲ ከም ዝተሃርሙ ኢዩ ዝፍለጥ: እዚ ኸኣ ኣብ ዕለት 13-27 መጋቢት 2011 ኣብ ዘሎ ዝተፈጸመ ኢዩ::

እቲ ጉዳይ ስጊንጢር ኢዩ:: ኣብ ክልተ ጀላቡ ዝነበሩ ኤርትራውያን: ብሰራዊት ኔቶ ብሚሳይል ተቐዚፎም ምህላዎም: ካብ ሞንጎ እቶም ዝተቐዝፉ ኸኣ: 27 ሬሳታት ተረኺቦም:: ነዚ ኮነ ኢልካ ዝቐዘፍካዮም ዜጋታት: ኩነታትቶም ከተጻሪ ዘይከኣልካ: ነዚ ዳሕራይ ቅዝፈት 362 ትንፋስ: ብደረጃ ሕብረት ኣፍሪቃ መዓልቲ ቅዝፈት ዝተሰምየ ዝኸሪ ምክያድን: ብወገን መንግስቲ ኢትዮጵያ ኪኖ እቲ ናይ ሓዘን መዓልቲ ምእዋጅን: ባንዴራ ኣብ ፍርቂ ምውራድን: ከም'ቲ ቀዳማይ ሚኒስተር ሃይለማርያም ደሳለኝ ዝበሎ: ውጺኢት ቅዝፈት ላምፓዱሳ: ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ንዝተኸተሎ ፖሊሲ ዝተረኽበ ኢዩ ክብል እንከሎ: እንታይ ማለቱ ኢዩ? እቲ መልሲ ብሩህ ኢዩ:: እቲ መንእሰይ ካብ'ታ ሃገር ጸሪሩ ክበርስ ኣለዎ:: ኤርትራ ናይ መንእሰይ ድከትን: ምከትን ከጋጥማ ኣለዎ:: እንተወሓደ ኸኣ: እቲ መንእሰይ ክቕዘፍ ኣለዎ ኢዩ እቲ ፖሊሲ::

ካብቶም 400 ኣፍሪቃውያን ስደተኛታት: ኣብ ክልተ ጀላቡ ናብ ኢጣልያ ክቖርጹ ዝመደቡ ድሕሪ ምብጋሶም ቅሩብ ግዜ: ኣብ ሜዲትራንያን ባሕሪ ዝተሃርሙ ሰባት ተረኺቦም ክብል: ውድብ ሕቡራት ሃገራት ገሊጹ:: ኣብ ኢጣልያ ዝመጸ ምዕባለታት: ካብ ላምፓዱዛ 3000 ቱኑዛውያን: ንሳቶም ነተን ናይ ቱኒዝ ደሴታት ድሕርቲ ናይ ጥሪ ጽድያ



ዕግርግር መንግስቲ: ካልኣት 362 ብሓደ ምሸት ኢዮም ኣትዮም: ግን ክልተ ጀላቡ ካብ ሊብያ: ካብ ዕለት 22 ክሳብ 27 መጋቢት: ብሓደ ጉዕዞ 335 ኤርትራውያንን: ብተወሳኺ ካልኣት 68 ኤርትራውያንን ኢትዮጵያውያንን ኣብ ጭንቀት ኣለው:: ንሕና ነዚ ጉዳይ ነጽንዖ ኣለና:: ኣብ'ዚ ዝሓለፈ 20 መዓልቲ: ኣብ'ቲ ባሕሪ ገለ ሰባት ድሒኖም ኣለው ትብል:- ላውራ በልድሪኒ ወሃቢት ቃል ውድብ ሕቡራት ሃገራት::

ወሃቢት ቃል ውድብ ሕቡራት ሃገራት ላውራ በልድሪኒ: ነቲ ፍጻሜ ምፍጻሙ ካብ ኣረጋገጸት: ከም ኣካል ውድብ ሕቡራት ሃገራት ንኽጻረ ኢላ ከተምልክት ኣይምተገበኣን ዶ? ምተገበኣ 'ምበር: እሞ ስለምንታይ ድኣ ዘይተተግበረ? እቲ ዕላማ ንጹር ኢዩ:: ውድብ ሕቡራት ሃገራት ንባዕሉ: ከም ኣካል ነጻ ክሳብ ዘይኮነ: ኣገልጋሊ ናይ'ቶም ሰብ ፍሉይ ረብሓ ክሳብ ዝኾነ ኸኣ: ህልቂት ኤርትራዊ እንታይ ይዓጦ? በዚ ኢዩ ኸኣ ሸለል ዝበሎ::



ቅድሚ እቲ ፍጻሜ ገዚፍ ጉዕዞ ናብ ላምፓዱዛ: ብሰንበት: 3000 ቱኒዛውያን ስደተኛታት ካብ መዓስከር ማክሸፍት: ናብ መሬት ኢጣልያ ኣትዮም: ድሕሪ ዝርርብ ቀዳማይ ሚኒስተር ኢጣልያ ስልቪዮ በርሎስኮኒ ቃል ዝኣተወሉ ዓርቢ መዓልቲ: ዝያዳ ብሰብኣውነት ንኽፈትሖ: ካብ'ተን ደሴታት ክቕበሎም ኢዩ



ተዛሪቡ::

በርሎስኮኒ ይብል:- 2500 ቱኒዛውያን ስደተኛታት ጥራይ ምስግጋርና: ''ሁማን-ቱኒዝም ኢዩ'' ክብል ጠቒስዎ:: እዚ ነቲ ብሰንበት ኣብ ልዕሊ ናይ ደሴታት ስደተኛታት ዑቕበኛታት: ንገዚፍ ሓይሊ 22000 ምሕጋዝና: ንምውዕዋዕ ነቶም ናይ ሰሜን ኣፍሪቃ ስደተኛታት ሓጊዙና ኢዩ ይብል::

ናይ በርሎስኮኒ ኣበሃህላ እንታይ ማለት ኢዩ? ኣየኖት ኢየን ከ ናይ ሰሜን ኣፍሪቃ ስደተኛታት? ነቶም ቱኒዛውያን ምሕጋዝ ''ሁማን-ቱኒዝም'' ክሳብ ዝተባህለ: ከም'ቲ ኣማሪካዊ ፕረዚደንት ባራክ ኦባማ ኣብ ዝሓለፈ እዋን ዝገለጾ: ባራክ ኦባማ ይብል:-

''እዚ ኣብተን መለኽቲ ዘለወን ሃገራት: ሰሜን ኮርያን: ኤርትራን: ኣድላዩ ዘበለ ስጉምቲ ክንወስድ ኢና:: ካብ ኤርትራ ህጻናትን ኣዴታትን ካብ'ታ ሃገር ምስ ዝወጹ: ካብቲ ዘጋጥሞም ዘሎ ናይ ጊልያነት ናብራ ነጻነት ረኺቦም ንኽገላገሉ: የእዳውና ዘርጊሕና ክንቅበሎም ኣለና:: ኤርትራውያን ካብ'ዚ ዘመናዊ ጊላነት ነጻ ክወጹ ኣለዎም:: ነዚ ኸኣ ካብ ቅድሚ ምምሕዳር ኪሊንተን ኣትሒዝና ሰሪሕናሉ ኢና::'' ኢሉ::

እቲ ዕላማ እዚ ካብ ኮነ: ናይ ኤርትራውያን ኣብ ሲናይ ምጥፋእን: ኣብ ሊቢያ ባሕሪ ሜዲትራንያን ምቕዛፎምን: ንዓለም ኣይንታያን ኢዩ ጥራይ ዘይኮነ: ኩሉ እቲ ዝካየድ ዘሎ ቅዝፈት: ብመደብ ዝተወደበ ምልማስ ኤርትራ ምኻኑ ኢዩ ዘነጽር::

ከተማ ሰንዓፈ ሓንቲ ካብ'ተን ዕጽዋት ከተማታት: ዝጸመወት ከተማ ኢያ:: ንሳ ሓንቲ ካብተን ዕላማ መጥቃዕቲ ባሕሪ ሜዲትራንያን ዝኾነት ህሰይቲ ከተማ ኢያ:: ድሕርቲ ዕንወት ክልተ ጀላቡ ኣብ ላምፓዱዛ: እዚ እቲ ቑንዲ ሕማቕ ውጺኢት: ግዳያት ናይ'ቶም 400 ኤርትራውያን ስደተኛታት ቅዝፈት ምዃኑ ኢዩ ዝሕበር ዘሎ: ካብ'ታ ዝተዳኸመት ከተማ ሰንዓፈ: ኤርትራ ምንጭታት ይሕብርዎ ከም ዘለዉ: ኣስመራ ካብ'ቲ ከባቢ ኣዝያ ዝረሓቐትያ: እቲ ናይ 400 ግዳያት ቅዝፈት ኤርትራውያን ስደተኛታት ዘጋጠመ ህልቂት: ንኣስመራ ኣይንታያን ኢዩ:: ስለ ዝኾነ ኸኣ: እቲ ዝቐረበ ሓበሬታ ካብ'ቶም ግዳያት: 90 ነቲ ሰንዓፈ ትርከበሉ ከባቢ ዝቐረበ ዓድ-ቐይሕ ኢዩ:: ዓዲ-ቐይሕ ከኣ ግዳይ ህልቂት ደቆም ዝሰኣኑ ኣዋልድን ኣወዳትን ደቆም ምዃና ኢያ::

እዚ ሓተታ እዚ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ኣሰና ካብ ዝሰፈረ ኢዩ:: ወናኒ መርበበ ሓበሬታ ኣሰና: እንታይ ዓይነት መልእኽቲ ኢዩ ከሕልፍ ደልዩ? ብሰሪ እዚ ናይ ዕለት 03-04-2011 ዘጋጠመ መቕዘፍቲ: ኣብ ሞንጎ ኤርትራውያን ንዘይተረኽበ ሕርክራኽ ናይ ሓድነት: በዚ ፍጻሜ እዚ ጉልባብ ብምግባር: ኣብ ሞንጎ ኤርትራውያን ንዘሎ ሓድነት ንምብታን ዲዩ? እንታይ ማለት ኢዩ? እቶም ኣብ ላምፓዱዛ ዝተቐዝፉ ናይ ዕለት 03-04-2011 ስደተኛታት ኤርትራውያን: ንመላእ ኤርትራ ዝምልከቱ ግዳያት 'ምበር: ንበይኖም ንሓደ ኣውራጃ: ወይ ብሄር: ወይ ሃይማኖት ዝምልከቱ ኣይኮኑን:: ስለ'ዚ ሕቶ ግዳያት ንመላእ ኤርትራ ዝምልከት ፍጻሜን ዘሕምመናን 'ምበር: ብፍሉይ ንሓደ ኣውራጃ ዝምልከት ኣይኮነን: ከም ኣበሃህላ ናይ ወናኒ መርበብ ሓበሬታ ኣሰና ኣማኒኤል ኢያሱ: እቲ ቅዝፈት ንከተማ ኣስመራ ኣይምልከታን ኢዩ ክብል እንከሎ: እንታይ ማለቱ ኢዩ? ህዝቢ ከስተውዕለሉ ዘለዎ ሓደገኛ ነጥቢ ኢዩ::


ኣደ መንበር ሓልዮት ሰብኣዊ መሰላት ኤርትራ ኤልሳ ጭሩም: 336 ኤርትራውያን: 14 ኢትዮጵያውያን: ድሕሪ'ቲ ከተካይዶ ዝጸንሐት ርክብ: ብመደብ ዝሃለቑ ኣብ ጀላቡ ስደተኛታት ካብ ቶውፍር ትሩብሊ ምብራሮም ኢዩ ትብል: ነቲ ፍጻመ ከኣ: ሰዓት 500 ድሕሪ ቐትሪ ኣብ 22 መጋቢት 2011 ዘጋጠመ ኢዩ ትብል ኤልሳ ጭሩም::

ኤልሳ ጭሩም ንባዕላ ኣብ ኣገላልጻኣ ኣብ'ዚ ጉዳይ: ሓላይት ዘይኮነትሲ: ቦንቋሪት ኢያ ኮይና ዘላ:: ብመጀመርያ ምስ'ቲ ንቐዝፈት ዘዳረጎም: ብስም (ዓብደልረዛቕ) ዝጽዋዕ ዘሎ ኤርመያስ ግርማይ ኢልያስ ኣብ ሊብያ: ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ምስ'ቲ ዳግማይ ቅዝፈት ናይ ዕለት 03-10-2013 ብምትሕሓዝ: ናይ ጸረ ማፊያ ጉጅለ ፖሊስ ኢታሊ ይደልይዎ ኣብ ዘለዉሉ እዋን: ኤልሳ ጭሩም ኣብ ዝሓለፈ እዋን መሳርሕተይ ንእትብሎ ዝነበረት: ናይ ሕጊ ተደላዩ ኤርመያስ ግርማይ ኢልያስ (ዓብደልረዛቕ): ኣብ ሕጊ ክቐርበሉ ዝኽእል ኣገባብ ክትጥቀም ብዘይ ምኽኣላ: ዕላምኣ እንታይ ኢዩ ነይሩ? ኣብ ዓመተ 2011 መሳርሕታ ምዃኑ ንዝገለጸቶ ኤርመያስ ግርማይ ኢልያስ (ዓብደልረዛቕ): ብጀካ እቲ መሳርሕታ ምዃኑ ዝገለጸቶ: ኣብ ዳግማይ ቅዝፈት ናይ ዕለት 03-10-2013: ተራ ናይ'ቲ ምሰኣ ዝራኸብ ዝነበረ ኤርመያስ ግርማይ ኢልያስ (ዓብደልረዛቕ): ብጀካ እቲ ብቓላ መሳርሕታ ምዃኑ ዝገለጸቶ: ተጠቃሲ ኤርመያስ ግርማይ ኢልያስ (ዓብደልረዛቕ): ቀንዲ ናይ ወያነ ስለያ ምዃኑ ሰነዳት ዝሕብሩዎ መረጋገጺ ኣለዉ:: ኣብ'ዚ ጉዳይ እዚ 'ውን: ጌና ኣብ ሱዳን: ካቡኡ ሓሊፉ 'ውን መንግስቲ ኢትዮጵያ ዑቕባ ሂባቶ ዘላ: ዮውሃንስ ማሕራይ (ጆን ማሕራይ): ቀንዲ ኣባል ስለያ ወያነ ምዃኑ ጥራይ ዘይኮነ: ሓደ ካብ'ቶም መራሒ ናይ'ቶም ኣብ ፍልሰት ዝሰርሑ ገበነኛታት ኢዩ: ንዝያዳ ንምንጻር ከኣ: እቲ ኣብ ሞንጎ ገበነኛታት ዝካየድ ዝነበረ ናይ ተለፎን ዝርርብ: ድሕሪ ፍጻሜ ላምፓዱዛ ዕለት 03-10-2013 ከም ዘለዎ እነሆ ነቕርቦ:-

ነቲ ዝተኻየደ ዝርርብ ከኣ ንከታተሎ:-

ዝርርብ ዕለት 31-10-2013 ሰዓት 11:01 ኣብ ሞንጎ ጆንን ኣለክስን

ኣሌክስ



ጌና ኣብ ላምፓዱዛ ኢየ ዘለኹ:: እቲ ፈራዳይ: ናይ'ቲ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዘሎ ወዲ ቱንዝያ ጉዳይ ክሳብ ዝውድእ ክጸንሕ ኢየ::

እዚ ኩስቶ!! ጽቡቕ'ዩ ዝሰርሕ:: ምኽንያቱ ቅድሚ ምብጋስ: ኩነታት ይፈልጥ: ብንኣሽቱ ጎማታት ድማ: ብቐጥታ ናብ'ታ ኣደ መርከብ ከም ዝነቅል ይገብር::

እዚ ኩስቶ!! ዝከኣሎ ገይሩ ኢዩ:: እቲ ዘጋጠመ ዕድል ጉዳይን: ናይ ገለ ካባና ዘይምትሕብባርን ኢዩ: ምኽንያቱ ብዙሓት መንእሰያት: ኣብ ስምባደ ኣትዮም:: እቲ ቱንዝያዊ ክልተ ጌጋታት ገይሩ:: መጀመርያ ነታ Satellitare መሐበሪት ምድርባዩ: ካልኣይ ድማ ንዓና ከየፍለጠ ሓዊ ምውልዑ:: ናይ ዕድል ጉዳይ ኢዩ:: ምኽንያቱ ንሳቶም በጺሖም ነይሮም ኢዮም:: ሓገዛት ክጽበዩ ጥራይ'ዩ ነይርዎም::

ጆን:- እቲ ሕማቕ ነገር: ነቲ ዘሳቕን: ንደቂ ኣንስትዮ ዝዕምጽ ዝነበረን ሶማላዊ ዝተሸጡ: ኣንጻር ድልየቶም ዝተሰቕሉ ሰባት ኣብታ መርከብ ነይሮም ኢዮም::

ዝርርብ ዕለት 13-10-2013 ሰዓት 13:41



ኤርመያስ:- ካብቶም ናትካ ክንደይ ዲሒኖም? ክንደይ ከ ሞይቶም?

ጆን:- 48 ዲሒኖም:: ካልኦት 4 ድማ: ኣብ ሊብያ ተሪፎም::

ኤርመያስ:- ኩሉ ኹሎም ናትካ ክንደይ ኢዮም ነይሮም?

ጆን:- 109 ኢዮም ነይሮም:: ካብኣቶም 68 ሞይቶም::

ዝርርብ ዕለት 31-10-2013 ሰዓት 13:48

ጆን:- ንዓይ ከም ዝመስለኒ: ኣብ ሓንቲ መርከብ ልዕሊ 250 ሰባት ከይጸዓኑ: ዝያዳ ምጥንቃቕ የድሊ::

ኤርመያስ:- ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ ብዙሓት ሰባት ክነቐሉ ዝደልዩ ነይሮም: ክንቐሉ ይደልዩ ብምንባሮም ይርብሹኒ ነይሮም: ኣነ ድማ ብኽልተ ጉዕዞ ክንቅሎም ይደሊ ነይረ:: ንሳቶም ክጽበዩ ብዘይምድላዮም: ንኽነቕሉ ይደፍኡ:: በዚ ምኽንያት:- ኣነ ሓንቲ ዓባይ ጀልባ ጥራሕ ክውድብ ተገዲደ::

ዝርርብ ዕለት 31-10-2013 ሰዓት 13:52

ጆን:- ሓደ ጉዕዞ ናብ ኢጣልያ ክውድብ እንከሎ: ኣገደስቲ ኩነታት ከኽበሩ ይግባእ:: ብመጀመርያ ሓያል ማዕበል ባሕሪ ክብ ኣብ ዝበለሉ: ጨሪሽካ ዘይምብጋስ:: ካልኣይ ንናይ ስደተኛታት ምዕዝምዛም ፈጺምካ ዘይምግዳስ: እቲ ወዳቢ መገሻ በዓል ሓላፍነት ስለ ዝኾነ: ነቲ ልክዕ ናይ ንቕሎ ግዜ ክፈልጥ ይግባእ: ስለ ሓቂ ኣብ'ቲ እዋን ብዙሓት ክፈላለዩ ዘይደልዩ ስደተኛታት ጉጅለታት ነይሮም ኢዮም: ንኹሎም ከሐጉሶም ጸዒረ: ስደተኛታት እንተድኣ ተጨውዮም መልቀቒኦም ዝከፍልዎ ኣዝዩ ብዙሕ ኢዩ: ኣብ ከም'ዚ ኣጋጣሚ: ኣነ ኣብ ሞንጎ ብምእታው: ምስ ጨወይቲ ይሸምግል (እዘራረብ ሞንጎኛ እኸውን)::

ኤርመያስ:- ብዙሓት ሰባት ኣብ መዓልቦኦም ዘይበጽሑ: ምስ ካልኦት ወደብቲ ነቒሎም: ማንም ሰብ ዘይተዛረበሎም መግቢ ዓሳታት ኮይኖም ኢዮም::

ጆን:- እዚ ድማ ኣብ መዝርዓ (MEZEREA): እቶም ሰባት ይህረሙ: ወይ ይምከሩ: ንጠቕሞም ስለ ዝግበር ከም ዘየሕሞም የረጋግጸልካ::

ኤርመያስ:- ኣብ'ታ ናይ ተሌፎን ምዝርራብ: ኣብ ሓደጋ ከም ዘለው ነጊሮምኒ ነይሮም እንተዝኾኑ: ብርግጽ ሓገዝ ምጸዋዕኩ: ንኽድሕኖም ኩሉ ዝከኣለኒ ዘበለ ምገበርኩ: ሰዓት 07:00 ምስ ደወልካለይ: ኩሉ ናብ ጽቡቕ ገጹ ይኸይድ ከም ዘሎ ነጊረካ: ካልኦት ክድዉሉለይ ከለው 'ውን: ከም ዝበጽሑ ኢዮም ዝነግሮም ነይረ::
ኣብ ወደብ ሰዓት 12:00 እቲ ወረ ምስ በጽሓኒ: ይኣምን ኣይነበርኩን: ከመይ ኢሉ ከምኡ ይኸውን ኢዩ ኢለ: እቲ ምጥሓል ንኻልኦት ሰባትን: ንናይ ሶማል ናይ ካልኦት ዜጋታት: ስለ'ዚ ናይ ካልእ ወደብቲ ይኸውን ኢለ ገሚተ::

ጆን:- ኦሮማይ ኮይኑ'ዩ:: ንዝፈሰሰ ጸባ ድማ ኣይእከብን ኢዩ:: እዚ ፍጻመ ንኽተብርህ: ንሳዕቤናቱ ክትግምግም ኣለካ: ሓንቲ ባርካ ንጣልያን ክትብገስ እንከላ: ድሃያ ክትረክብ ክልተ ሰለስተ መዓልታት ክትጽበ የብልካን: ድሕሪ ገለ ክልተ መዓልቲ: ዝኾነ ሰብ እንተዘይደዊሉ: ንስካ ሓገዝ ክትጽውዕ ኣለካ: እንቛዕ'ኳ እቶም ዝተረፉ ኣተዉ: እንተዘየሎ ዋላ ሓደ ኣምደሓነን::

ኦሮማይ ኮይኑ ኢዩ: ክግበር ዝከኣል የለን:: ንስኻ ናብ ስራሕካ ኣድህብ: ብዛዕባ ሰብ ዝበሎ ኣይትሕሰብ:: ገምት!!! ንስኻ ነቶም ሰባት ኣብ ሊብያ ክተርፉ ኣገዲድካዮም ኔርካ እንተትኸውን: ሕጂ ሰባት ክርደኦም ኢዩ: ኣነ ዝነቕፎ የብለይን:: ንስኻ ዋላ ሓንቲ ክትገብር ትኽእል ኣይነበርካን:: ንስኻ እቲ ክግበር ዝነበሮ ጌርካ: እዚ ዕድሎም ኢዩ:: ምኽንያቱ:- ኣትዮም ነይሮም ኢዮም:: ብሓደ ክነቕሉ ብምድላዮም: እቲ በደል ናቶምዩ:: ስለ'ዚ ናትካ ጌጋ ኣይኮነን:: ኣብ መገሻ እንከለዉ ደዊሎም ነይሮም እንተዝኾኑ ምደሓኑ ነይሮም:: ካብ ወደብ: 800 ወይ: 1000 ሜትሮ ዳርጋ

ኣትዮም ነይሮም:: ብዘይ ፍቓዶም (ገያሾ) ካፐተን መኣታን ክረኣዩ: ኣንሶላ ከቃጽል ኣይነበሮን:: ንስኻ ዝከኣለካ ገይርካ::

ካብዚ ዝርርብ ክንርደኦ እንኽእል ጉዳይ እንተሃልዩ: ናይ'ቲ ፍጻመ ቀንዲ ሰብ ጉዳይ: ቀለስትን ወደብትን: ብሕጂ 'ውን ካብ'ዚ ዝኸፈአ ክፍጽሙ ዝኽእሉ: ጸይቀ ዕሉላት ኤርመያስ ግርማይ ኤልያስ (ዓብደለረዛቕ)ን ዮውሃንስ ማሕራይ (ጆን ማሕራይ)ን ኢዮም:: ጌና ሓደ ሳሙኤል ተስፋይ ዝብሃል: ቀንዲ የማናይ ኢድ ናይ ኤልሳ ጭሩምን: ዓብደልረዛቕን ጆን ማሕራይን ዝኾነ ሳሙኤል ተስፋይ ከኣ: ብላዕለዎት ኣባላት ጸጥታ ሱዳን: ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ኣትዩ ኣሎ:: ንዝያዳ ናይ'ዚ ብሩህ ስእሊ ኽኣ: ብዝሰፍሐ መልክዑ ክነቕርቦ ኢና:: ከም ዝዝከር ኣብ ዝሓለፈ እዋን: ንኽልተ ግዜ ኣብ ልዕሊ ኤርትራዊ ከሰተ ጠዓመ ኣኮሎም (ኣንጎሶም ወጅሀይ): ዝተመደበ ፈተነ ቅትለት: ሃንዳሲቱ ኢትዮጵያ 'ኳ እንተኾነት: ነቲ ጉዳይ ኣብ ግብሪ ንምውዓል ካብ ዝሰርሑ ዕሱባት: ናይ ወያነ ስለያ ኮይኖም ዝሰርሑን: ብመነገዲ ወያነን: ኣብ ግዳም ዘለዉ ተሓባበርቶምን ዝፍጽምዎ ዘለዉ ፍለስት መሸጣ ደቂ ሰባት: ቀንዲ ተሓተቲ ኢዮም::







እዚ ኣብ ላዕሊ እንርእዮ ዘለና ስእሊ: እታ ድርብ ዕያረ መለክዒ ዘለዋ መሮን እስቲፋኖስ: ንጉዳይ ግብረ-ሰዶም ኣመልኪታ ንዝሃበቶ ወግዓዊ መግለጽን: ደምበ ተቓውሞ ነዛ ናይ ግብረ-ሰዶም ኣርማ ባንደራ ዝሓዘላ ምኽንያት ብምንጻር: ዝርዝር ሰነዳት ክነቅርብ ኢና:: ሱታፌ መሮን እስቲፋኖስ ኣብ ትዊተር ዝሃበቶ ቓል ከኣ እነሆ:-

**Meron Estefanos @meronina Eritrean dictator supporters are saying protesters in Bologna should be eliminated, for carrying gay flag. #Eritrea #BolongaFestival2 Retweets ⌘**

2ይ ክፋል ይቕጽል


ጉጅለ ተጻናጸንቲ እከይ ዊዲታት
gdusattsenatsenti@gmail.com